ኤርትራዊ ዲሞክራሲያዊ ኪዳን

التحالف الديمقراطي الأرتري

ERITREAN DEMOCRATIC ALLIANCE

## ቃል ኤርትራዊ ዲሞክራሲያዊ ኪዳን ኣብ መስራቲ ጉባኤ ሰልፊ /ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ሰውራዊ ባይቶ/

ኣሕዋትን ኣሓትን መራሕትን መሰረታትን ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ሰውራዊ-ባይቶ
ኣሕዋትን ኣሓትን ኣባላት መስራቲ ጉባኤን ሕጹያትን
ኣባላት ናይዚ ሓድሽ ዝምስረት ዘሎ ሰልፍን
ኣሕዋትን ኣሓትን ወከልቲ ውድባት ኤርትራዊ ደሞክራሲያዊ ኪዳን
ኣሕዋትን ኣሓትን ወከልቲ ዝተፈላለዩ ሚድያታት ናይ ኤርትራ ማእከናት መጽናዕትን
ብሓፈሻ ጉባኤኛታትን ዕዱማት ኣጋይሽን

ብመጀመርታ ሰላምታና ነቕርበልኩም።

ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ሰውራዊ-ባይቶ ሓደ ካብቶም መስረቲ ኤርትራዊ ሃገራዊ ምሕዝነትን ኤርትራዊ ደሞክራሲያዊ ኪዳንን ኣብ ርእሲ ምዃኑ፡ ዕዙዝ ኣስተዋጽኦ ዘበርከተን ብንጥፈት ዝሳተፍን ውድብ'ዩ።

ውድብኩም ናብ ሓድሽ ሰልፊ እንተተቐየረ፡ ነቲ ዝጥለብ ዘሎ ደሞክራሲያዊ ለውጥን ኣብ ኤርትራዊ ደሞክራሲያዊ ኪዳን ንዘለኩም ናይ ሓድነት መርገጽኹምን ከም ዘዕዝዞ፡ ምስ ካልኦት ብጾት ውድባት ኤርትራዊ ደሞክራሲያዊ ኪዳን ኮንኩም ኣንጻር ዲክታቶርያዊ ስርዓት ንተካይድዎ ቃልሲ ከም ዘሐይሎን ንኣምን።

ኤርትራዊ ደሞክራሲያዊ ኪዳን ነዚ ጉብኤ ብምክያድኩም ዮሃና እናበለ፡ ኣብ ጎንኹም ምዃኑ ብምርግጋጽ፡ ጉባኤኹም ብዓወት ንክዛዘም ይምኑ።

ኩል-ግዜ ኣብ ጎኒ'ቲ ብዲክታቶርያዊ ስርዓት ዝጭቆን ዘሎ ህዝቢ ኤርትራን ጽላል ተቓውሞ ሓይልታት ዝኾነ ኤርትራዊ ደሞክራሲያዊ ኪዳንን ምዃንኩም ንኣምን።

**ሓጅ ዓብደልኑር ሓጅ**
**ም/ ኣቦ-መንበር ፈጻሚት ቤት ጽሕፈት**
**ኤርትራዊ ደሞክራሲያዊ ኪዳንን**
**ኣቦ-መንበር ቤት ጽሕፈት ምምሕዳርን ፋይናንስን**
**ኣዲስ ኣበባ 25 ሓምለ 2008**